# ሚኒስትሪ ፍትሒ

# ኣዋጅ መሰላት

ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንዘሎ ውልቀሰብ ዝወሃብ
ዝተደራጀወ ገበንን ምጥሓስ ሕግን፣ ምዝውዋር ዕጸፋርሳትን ግብረ ሽበራን ብዘይ ምጥቕላል(ኣንቀጽ 63-1፣ 706-73 ን 706-88 ናይ ፍሬንች ኮድ ናይ መስርሕ ሕጊ ገበን)

**እቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ በቲ ትርድኣዮ ቋንቋ ክወሃበካ ኣለዎ።**
**ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣብ ትጸንሓሉ ግዜ ነዚ ሰነድ ምሳኻ ክትዕቅቦ ትኽእል ኢኻ።**

ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተኻሉ ምኽንያት ኣብ ትሕቲ ዝተደራጀወ ገበን፡ ብ ትሕቲ ዕድመ ዝፍጸም ወንጀልን፡ ብማእሰርቲ ዘቕጽዕ ገበን ከምዝፈጸምካ ወይ ንምፍጻም ፈተነ ከምዘካየድካ ዘመልክት ሓደ ወይ ልዕሊኡ ጥርጣረታት ስለዘሎ ምኳኑ ተሓቢርካ ኢኻ።

ነቲ ኣብ ጥርጣረ ኣእትዩካ ዘሎ ገበንን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዘለኻሉ ምኽንያትን ብቕዓቱ፣ ዕለትን ቦታን ፍጻመን ንምፍላጥ መሰል ኣለካ።

ኣብ'ቲ ን 24 ሰዓታት ክጸንሕ ዝኽእል ናይ ቀይዲ እዋን ብዛዕባ እዞም ነጥብታት ዘለካ ኣመላኽታ ተሰማዕነት ክህልወካ እዩ።

ድሕሪ ምዝዛም ናይ'ዚ ግዜ፣ እቲ ህዝባዊ ኣኽባር ሕጊ ወይ'ውን እቲ መርማሪ ዳኛ ነቲ ናይ ቀይዲ እዋን ንተወሳኺ 24 ሰዓታት ከናውሖ ይኽእል እዩ። ውሳነ ናይ'ዚ ዳኛ ንኡስ ገበናት ቅድሚ ንስኻ ናብኡ ምቕራብካ ክውዳእ ይኽእል እዩ። ኣብ ፍሉያት እዋናት፣ ከምኡ'ውን በቲ ናይ'ቲ መርመራ ወይ መሕተት ረቛሒታት ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ ክልተ ተወሳኺ ምንዋሓት-ነፍስወከፍ ናይ 24 ሰዓታት ክፍለ ግዜ- በቲ ናይ ናጽነትን ቀይድን ዳኛ ወይ'ውን በቲ መርማሪ ዳኛ ክውሰን ይኽእል እዩ።

ይኹን እምበር፣ ድሕሪ ምዝዛም ናይ መጀመርያ 48 ሰዓታት ዝተረፈ ገምጋም ግዜ ናይ'ቲ መርመራ ገበን ኣድላዪ ምስዝገብሮ፣ እቲ ናይ ናጽነትን ቀይድን ዳኛ ወይ'ውን ብጠለብ ናይ'ቲ ህዝባዊ ኣኽባር ሕጊ፣ ወይ'ውን እቲ መርማሪ ዳኛ ነቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ትጸንሐሉ ግዜ ሓንሳብን ን 48 ሰዓታት ዝኸውን ክፍለ ግዜን ንምንዋሕ ክውስን ይኽእል እዩ።

ድሕሪ እቲ ናይ ቀይዲ ግዜ፣ ንስኻ ብውሳነ ናይ'ቲ ኣኽባር ሕጊ ወይ'ውን እቲ መርማሪ ዳኛ፣ ወይ ናብ ቅድሚ እዚ ዳኛ ንኡሳን ገበናት ክትቀርብ ወይ ድማ ክትፍታሕ ኢኻ። ኣብ'ቲ ቀዳማይ ኩነት፣ ኣብ'ታ ሽዓ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ እዚ ዳኛ ንኡስ ገበናት ክትቀርብ ኢኻ። ኣብ ውሽጢ እቲ መጻንሒ ንመስርሕ ፍርዲ ዝምችዉ ኩነታት እንተለዉን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝጸናሕካሉ ግዜ ልዕሊ 72 ሰዓታት ዘይመልእ እንተኾይኑ፣ ኣብ'ቲ ዝቕጽል መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 20 ሰዓታት ብዝበዝሐ ድሕሪ ምዝዛም ናይ'ቲ ቀይዲ ግዜ ክትቀርብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝጸናሕካሉ ግዜ ልዕሊ 72 ሰዓታት እንተሓሊፉ፣ ናብ'ቲ ዳኛ ትቀርበሉ ዕለት ኣብ'ቲ ናይ ቀይዲ ግዜታትካ ዝዛዝሙሉ ዕለት ክኸውን እዩ።

## ተወሳኺ ድማ፣ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ከምዘለካ ተሓቢርካ ኢኻ፥

### ዝተወሰኑ ሰባት ክትሕብር

ብዛዕባ እቲ ዝገጠመካ ናይ ቀይዲ ስጉምቲ ምስኻ ንዝነብር ሰብ፣ ወይ ንሓደ ካብ'ቶም ቀጥታዊ ርክብ ዘለዎም ወለድኻ፣ ወይ'ውን ንሓደ ካብ'ቶም ኣሕዋትካ ብቴሌፎን ክሕበሩ ሕቶ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

እንኮላይ ንሓላፊኻ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።

ናይ ወጻኢ ዜጋ እንተኾይንካ፣ እንኮላይ ንቆንስላዊ ሰበስልጣን ናይ ሃገርካ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።

ኣጸገምቲ ዕንቅፋታት እንተዘየለዉ፣ እቲ ጠለብ ካብ ተቕርበሉ ሰዓት ኣብ ውሽጢ 3 ሰዓታት እዞም ስጉምታት ክትግበሩ እዮም።

ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ ክንክን እንተለኻ፣ ሞግዚትካ፣ ግቡእ ግለሰብ ወይ ተኣማኒ ሰብ ብዛዕባ እዚ ስጉምቲ ክሕበር እዩ።

ይኹን እምበር፣ ንምእካብ ወይ ምዕቃብ መርትዖ ወይ ሂወት፣ ናጽነት ወይ ክብሪ ናይ ሓደ ሰብ ከቢድ ሓደጋ ከይወርዶ ንምውጋድ ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ እቲ ዝተጠልበ ምልክታ ክደናጎ ወይ ክስረዝ እቲ ኣኽባር ሕጊ (ወይ መርማሪ ዳኛ) ክውስን ይኽእል እዩ። እንተድኣ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ትጸንሐሉ ሰዓታት ልዕሊ 48 ሰዓታት እንተኾይኑ፣

ብተመሳሳሊ ምኽንያታት ምድንጓይ ምብጻሕ ሓበሬታ ናብ ስድራቤትካን ሓላፊኻን በቲ ናይ ናጽነትን ቀይድን ዳኛ(ወይ መርማሪ ዳኛ)ክዕቀብ ይኽእል እዩ።

## ምስ ሓደ ውልቀሰብ ንምዝርራብ

ካብ'ቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዘለኻ ዝተሓበሩ ሰባት ምስ ዝኾነ ሓደ ብጽሑፍ፣ ብቴሌፎን ወይ ብቃለ መሕተት ንምምይያጥ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ምስ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተኻሉ ምኽንያታት ዘይመጣጠን እንተኾይኑ፣ ወይ'ውን ዝያዳ ገበን ንኸፍጸም ዘኽእል እንተኾይኑ ግን እቲ መርማሪ ገበን ነዚ ጠለብካ ክነጽጎ ይኽእል። ሰዓት፣ ኩነታትን ካብ 30 ደቓይቕ ንላዕሊ ክኸውን ዘይብሉ ንውሓት ግዜን ናይ'ዚ ምይይጥ በዚ ተባሂሉ ዘሎ ኣካል ይውሰን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ናይ'ዚ ኣካል ወይ'ውን በዚ ኣካል ዝተጠቕመ ሰብ ይካየድ።

ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ትጸንሓሉ ሰዓታት ልዕሊ 48 ሰዓታት እንተኾይኑ፣ ነቲ ምስ ቆንስላዊ ሰበስልጣን ንምርኻብ ተቐርቦ ጠለብ እቲ መርማሪ ገበን ክነጽጎ ኣይኽእልን እዩ።

## ብሓኪም ንምምርማር

ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ካብ ዝኣተኻሉ ሰዓት ዋላ'ውን ኣብ እዋን ምንዋሕ ናይ'ዚ ስጉምቲ፣ ሓኪም ክምርምረካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ትጸንሓሉ ሰዓታት ልዕሊ 48 ሰዓታት እንተኾይኑ፣ ብሓኪም ናይ ግድን ክትምርመር ኣለካ ከምኡ'ውን ሓድሽ ሕክምናዊ መርመራ ክግበረልካ ክትሓትት መሰል ኣለካ።

ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ ክንክን እንተለኻ፣ እቲ ሞግዚትካ፣ ግቡእ ግለሰብ ወይ ተኣማኒ ሰብ ሕክምናዊ መርመራ ንኽትገብር ጠለብ ከቕርብ ይኽእል።

## ቃል ምሃብ፣ ሕቶ ምምላስ ወይ ሱቕ ምባል

መንነትካ ድሕሪ ምርግጋጽካ፣ ኣብ እዋን መስርሕ ፍርድኻ፣ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኻ፣

- ኣዋጅ ምእዋጅ፣

- ዝተሓተትካዮ ሕቶ ምምላስ፣

- ወይ'ውን ሱቕ ምባል።

## ብጠበቓ ክትሕገዝ

### ናይ ጠበቓ ምርጫ

ካብ መጀመርያ እቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተኻሉ፣ ክሳብ ዝኾነ እዋን ናይ መስርሕ ፍርድኻ ከምኡ'ውን ማእሰርትኻ ኣብ ዝናውሓሉ ኩነት-ካብ ፋልማይ ናይ'ዚ ምንዋሕ-ሓገዝ ናይ ብምርጫኻ ዝጠለብካዮ ጠበቓ ንምርካብ ክትሓትት ትኽእል። ጠበቓ ክትመርጽ እንተዘይክኢልካ፣ ወይ ድማ እቲ ምርጫኻ ዝኾነ ክርከብ እንተድኣ ዘይተኻኢሉ፣ ዝኾነ ዝውክለካ ጠበቓ ክምደበልካ ክትሓትት ትኽእል።

ጠበቓኻ ብሓደ ካብ'ቶም ዝሓበርካዮም ሰብካ እንኮላይ ክምደበልካ ይኽእል። ኣብ'ዚ ኩነት'ዚ ነዚ ምደባ ናይ'ቲ ጠበቓ ከተረጋግጽ ኣለካ።

ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ ክንክን እንተለኻ፣ ሞግዚትካ፣ ግቡእ ግለሰብ ወይ ተኣማኒ ሰብ ጠበቓ ክምድበልካ ወይ'ውን በቲ ፕረዚደንት ናይ'ቲ ሕጋዊ ኣካል ክምደበልካ ጠለብ ከቕርብ ይኽእል።

### ናይ ሕጊ ሓገዝ

ኣብ ውሽጢ ምስጢራውነት ዝዕቕቡ ኩነታት እዚ ጠበቓ ምሳኻ ን 30 ደቓይቕ ክመያየጥ ይኽእል እዩ። ቀይዲ ኣብ ዝናውሓሉ ኩነት፣ ምስ'ቲ ጠበቓ ዳግማይ ንምርኻብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
እንድሕር ደኣ ሕቶ ኣቕሪብካ፣ እዚ ጠበቓ ድማ እንኮላይ ንስኻ ኣብ ትሳተፈሉ መስርሕ ፍርዲ፣ ምርመራ ገበን፣ ምሕዳስ ወይ መንነት ምልላይ ዝግበረሉ እዋን ህልው ክኸውን ይኽእል እዩ።

### ምላሽ ዝወሃበሉ ግዜ

ከከም ኣድላይነት ናይ'ቲ መርመራ ገበን ብምምልካት፣ እቲ ህዝባዊ ኣኽባር ሕጊ ወይ መርማሪ ዳኛ ብመንገዲ ጽሑፋዊ ምኽንያታዊ ውሳነ፣ እቲ መስርሕ ፍርድኻ ቀጥታዊ/ብዘይ ምድንጓይ ንኽጅምር ፍቓድ ክህብ ይኽእል እዩ፣ ዋላ'ውን ነቲ ጠበቓኻ ክሳብ ዝርከብ ዘሎ ናይ 2 ሰዓት ክፍለ ግዜ ብዘይምጽባይ።

ማራኺ ምኽንያታት እንተለዉ፣ ብውሳነ ናይ'ቲ ህዝባዊ ኣኽባር ሕጊ፣ ናይ ናጽነትን ቀይድን ዳኛ ወይ መርማሪ ዳኛ፣ እቲ ጣልቃ ናይ'ቲ ጠበቓኻ ን 48 ሰዓታት ብዝበዝሐ ክደናጎ እንኮላይ ይኽእል እዩ።

## ብኣስተርጓሚ ክትሕገዝ

ቋንቋ ፈረንሳ ዘይትዘረብ ወይ ዘይትሰምዕ እንተኾይንካ፣ ኣብ እዋን መስርሕ ፍርድኻ ከምኡ'ውን ምስ'ቲ ጠበቓኻ ኣብ ትዘራረበሉ እዋን ብሓደ ኣስተርጓሚ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ክትሕገዝ መሰል ኣለካ።

## ካብ ትሕቲ ቀይዲ ንምውጻእ ርእይቶኻ ምሃብ

እቲ ዳኛ ንኡስ ገበናት ነቲ ግዜ ቀይዲ ከናውሖ ኣብ ዝውስነሉ እዋን፣ እዚ ስጉምቲ ንኽይፍጸም ነቲ ህዝባዊ ኣኽባሪ ሕጊ ወይ መርማሪ ዳኛ ክትምሕጸኖ ትኽእል ኢኻ።

## ንጉዳይካ ዝምልከቱ ገለ ጉዳያት ሰነድ ምርኣይ

ብጠለብካ ወይ'ውን ብጠለብ ጠበቓኻ፣ ከምኡ'ውን ብዝሰለጠ ግዜ ቅድሚ ዝኾነ ምንዋሕ ናይ ቀይዲ እዋን፣ ነዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ንምምልካት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፥

- ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምእታውካ ዘመልክት ምልክታ፣

- በቲ ዝመርመረካ ሓኪም ዝተወሃበ ሕክምናዊ ሰርቲፊኬት፣

- ኣብ መስርሕ ፍርድኻ ዝተዘርቡ ቃላት።

## ነቲ ህዝባዊ ኣኽባር ሕጊ ርእይቶኻ ምሃብ

ድሕሪ ሓደ ዓመት ካብ ምዝዛም ናይ ቀይዲ እዋን፣ ኣብ'ቲ ጥርኑፍ ሰነድ ናይ'ቲ መስርሕ ፍርዲ ርእይቶ ንምሃብን ንምርኣይን-ብቕብሊት ዘመልክት ወይ ኣብ'ቲ ናይ ጸሓፊት ቤት-ጽሕፈት ቕብሊት ዝእውጅ ምዝጉብ ደብዳበ -ነቲ ህዝባዊ ኣኽባር ሕጊ ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ።